ዲሞክራስያዊ ማሕበር መንእሰይ ኤርትራ
ጨንፈር ጀርመን
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

اتحاد الشباب الديمقراطي الإرتري
فرع ألمانيا
جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

*Eritrean Democratic Youth Union ENSF in Germany*
*Eritreische Demokratische Jungendunion e.V. - ENSF in Deutschland*

---

# ሰሚናር ግ.ሃ.ደ.ኤ ጨንፈር ጀርመን ብዓወት ተሳላሲሉ::

*ብዕለት 26.03.2011 ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ንኣስታት 6 ሰዓትታ ዝወሰደ ሰሚናር ግ,ሃ.ድ.ኤ ጨንፈር ጀርመን ፡ ኣብ መንጎ ኣቦ-ወንበር ዞባ ኤውሮፓ ግ.ሃ.ድ.ኤ. ብጻይ ነጋሽ ዑስማን ዝተሳተፈሉ ዕዉት ሰሚናር ተካይዱ ።*



*ሰሚናር ብኣቦ-ወንበር ጨንፈር ጀርመን ብጻይ ወልደሚካኤ መብራህቱ ተከፍተ ፡ንኣባላት እንቋዕ ብደሓን መጸእኩም ድሐሪ ምባል ፡እዚ ሎሚ ተጸዉዑ ዘሎ ሰሚናር ጨንፈር ብሰንኪ ርሕቀት ቦታ ገለ ጉጅለታት ወከልተን ሰዲደን ምህላውን ድሕሪ ምግላጽ ፡መድረክ ንብጻይ ሞንሱር ዓብዱላሂ ውደባዊ ሓላፊ ጨንፈር ጀርመን ተዋህበ ።*

*ብጻይ ሞንሱር ሰላምታ ብምቕዳም ስፍሕ ዝበለ ስእላዊ ጸብጻብ ጨንፈር ፡ መምርሒ ውድብን ንጥፈታት ጉጅለታትን ንተሳተፊ ሰሚናር ገለጸ። ብድሕሪ'ዚ ተሳተፍቲ ሰሚናር ካብ ውድብ ዝተማሓላለ መልእኽትን፣ መምርሕን ከተግብርዎ ንውድብን፣ ተቃውሞ ደንበን ከሕይሎን ቃልሱ ቀጻሊ ምኻኑ ኣመተ::*

*ቀጺሉ ብጻይ ነጋሽ ዑስማን ኣቦ-ወንበር ግ.ሃ.ድ.ኤ ዞባ ኣኤውሮፓ መድረክ ተዋህበ ድሕሪ ሰላምታ ምቕራቡ ፡ ጨናፍራት ኤውሮፓ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳ ሰሰና ይከዳ ምህላውን ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሳምንቲ ዝተሳላሰለ ውጽኢት ጠቕላላ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብሰፊሑ ንተሳተፍቲ ሰሚናር ገለጸ ተዋህበ።*

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ከም'ቶም ኩሎም ካልኦት ውድባትን ሰልፊታትን ስቪል ማሕበራትን፣ ኣብ ምዕዋት ሃገራዊ ዋዕላ ገድላዊ እጃሙ ኣበርኪቱ'ዩ: ከም ኣብነት ማኒፌቶ ካስል 2003 ክጥቀስ ይካኣል: መላእ ውድብና ንቀጻሊ መደብቱ'ውን ምስ ኩሎም ሃገራዊ ሓልታት ( ውድባትን ሰልፍታትን ኪዳን፡ ስቪል ማሕበራት፣ ሃገራውያን መሁራት፣ ኣብ ከከባቢና ዝርከቡ መራሕቲ ሃይማኖታት፣ መንእናሰያት፣ደቂ ኣንስትዮ፣ገዳይም ተጋደልቲ.....ወዘተ፡ ስጡም ሃገራዊ ዝምድና ሃኒጽና ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ፡ንተዓጠቅ ዝብል መምርሒ ምስ ኣቕረበ ተሳተፍቲ ሰሚናር : እታ እንኮ መድሕን ህዝቢ ምዃና ተገንዚቡ ፣ በቲ ሓደ ሽነክ ድማ መዋእል ስርዓት ህግደፍ ዘብቅዓላ መዓልቲ ቀሪቡ'ዩ ! ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ሃገራዊ ጉባአ ንምዕዋት ቀጻላነትና ነረጋጽ ክብል ተሳተፍቲ ሰሚናር ደገፊታኡ ገለጸ ።

ኣብ መደምደምታ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ኮሚሽን ንጥፍታት ኣመጉሱ ሰሚናር ብዓወት ዛዘመ።

ዓወት ንዲሞክራሳዊ ቃልሲ
ክብርን ዝኽርን ንሰማእታት ኤርትራ
ውድቀትን ዕንወትን ንህግደፍን ኮራኹሩን

“ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ “

ክፍሊ ዕዩ ዜና ግ.ሃ.ድ.ኤ. ጨንፈር ጀርመን
28.03.2011